ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ውዕሎታት ታሪኻዊ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/

19 ለካቲት 2017

ብ17 ለካቲት 2017 ብድሙቕ ስነ-ስርዓት ዝተጀመረ ታሪኻዊ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣብ ስሩዕ ገድላዊ ዕዮ ተጸሚዱ ውዒሉ፤ ሓደ ካብቲ ወሳኒ ኣጀንድኡ ናይ 3 ዓመትን ፈረቓን ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ብምስማዕ፤ ንዝቐረበሉ ጸብጻብ መሰረት ብምግባር ብደቒቕ ድሕሪ ምምዛን ክካታዕን ክግምግምን ውዒሉ።








በዚ መሰረት ኣብ ዓለማዊ፣ ዞባውን ከባብያውን ህልው ኩነታት ብምድህሳስ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ክህልዎ ዝክእል ጽልዋ፣ ብድሆታቱን ኣወንታዊ ጸጋታቱን ብዕምቆት ዳህሲሱ። ካብዚ ብምብጋስ ህልው ደሞክራሲያዊ ተጋድሎና ንምትርናዕ ክንክተሎ ዝግባእ ውሕሉል ጥበብን ተክእሎታት ኣማራጺታትን ዳህሲሱ።





7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ዝቐረበሉ ዓሚቕ ጸብጻብ ብፍሉይ ትኹረት ዘትዩሉ። በዚ መሰረት ህልው ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኩሉ መዳያት ማለት ፖለቲካውን ፕሮፓጋንዳውን፣ ወተሃደራውን ጸጥታውን፣ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ዓውድታት ብግቡእ ዝመዘነ ጉባኤ፤ ሓያልን ድኹምን ጎንታቱ ንምልላይ ዝሕግዙ ዓሚቕ ገምጋማት ኣካይዱ።

ህልው ኩነታት ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ዝሓልፍዎ ዘለዉ ሕሱም ህይወት ኣብ ኩሉ መዳያት ዝመዘነ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ከም ውጽኢቱ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኣንጸላሊዩ ዘሎ ሓደጋ ብርሰት ብዕምቀቱ ፈቲሹ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ከም ውድብ ህልው መድረኽ ዝጠልበና ረዚን ሓላፍነት ብምንጻር፤ ተርኡ ንምብራኽ ዘክእልዎ ቅኑዓት መትከላዊ መርሆታት ኣንፊቱ።






ካብዚ ብምቕጻል፡ ህልው ኩነታት ሓይሊ ተቓውሞ ከቢብዎ ዘሎ ባዕላዊ ሕጽረታትን ብድሆታቱን ኣብ ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ተሰሪቱ ዝረኣየ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፤ ውድብ ኣብ 6ይ ውድባዊ ጉባኤና ዘጽደቖም ቅኑዓት ናይ ሓድነትን ቃልስን መርሆ ኣፈጻጽምኡ፤ መሓዙት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብዚ መዳይ ኣብ መኸፈቲ ጉባኤ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ፣ ትርጉሙን ኣብ ኣረዳድኣ ዘሎ ክፍተትን ኣመልኪቱ ብልዑል ተገዳስነት ብደቒቕ መዚኑ።

7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣብ ዝቐረበሉ ጸብጻብ ተመስሪቱ ዓሚቕን በሊሕን ገምጋም እናካየደ፤ ከም መርሆ ኩሎም ገምጋማቱ ካብ ውሻጥኡ ንግዳም ብዘማዕዱ፤ ንሓያልን ድኹምን ጎንታቱ ብዘለልይ መልኽዑ ዝሓለፎ ናይ 3 ዓመትን ፈረቓን ጉዕዝኡ ፈቲሹ።

ብመሰረት ዝተታሕዘ ኣጀንዳ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ውድባዊ መዳይ ንዝቐረቦ ጸብጻባት ኣብያተ ጽሕፈታት ብደቒቕ ድሕሪ ምርኣይ፡ ንዝቐረበሉ ሪፖርት ኣጽዲቑ። ድሕሪ'ዚ ብኣባላት ቊጽጽር ኮምሽን ዝቀርበ ጽማቕ ሓበሬታ ብምስማዕ፡ ኣድላይ  ትካላዊ ምምዕርራይ ክግበር ብምርኣይ ኣንፈት ኣነጺሩ።



7ይ ውድባዊ ጉባኤ ንክልተ መዓልቲ ዝኣክል ኣብ ጸብጻባት ማእከላይ ሽማግለን ቊጽጽር ኮምሽን ተጸሚዱ ድሕሪ ምጽና፡ ነቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ብድምጹ ድሕሪ ምጽዳቕ፤ ኣብ 3ይ መዓልቲ ውዕሉኡ፡ ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ሕገ-ህንጻን ክርእይ ኣብ ኣጀንዳታቱ ሰሪዕዎ ምህላዉ፡ ካብ ኣቦ መንበር ፕረዝደም 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ሽማግለ ዜናን ስነዳን
7ይ ውድባዊ ጉባኤ
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግባር ኤርትራ /ሰደግኤ/
19 ለካቲት 2017